# ብዓል ቅ. እስጢፋኖስ

## ጥሪ 1 2015 ዓ.ም. (1/9/2022)።

**ንባብ፡** ዕብ 11፡32-40፥ 1ጴጥ 4፡12-19፥ ግ.ሓ. 6፡8-10 7፡54-59፥ ማቴ 10፡17-22 (ማቴ 21፡33-46)።

**ምስባክ፡**

1. ወይርአዩ አሕዛብ በቅድመ አዕይንቲነ፥ በቀለ ደሞሙ ለአግብርቲከ ዘተክዕወ ይባእ ቅድመከ ገዐሮሙ ለምቁሓን (መዝ። 78፡10-11።
2. እስመ በጻሕኮ በበረከት፥ሠናይ ወአንበርከ አክሊለ ዴበ ርእሱ ዘዕምንቁ ክቡር፥ ሐየወ ሰአልከ ወሀብኮ (መዝ. 20፡3-4)።

አብ ስርዓት ሃገርና ዓመታዊ ብዓል ቅ. እስጢፋኖስ አብ 17 ጥቅምትን 1ጥርን እዩ ዝብዓል።አብ ላቲናዊ ስርዓት ግን አብ ጽባሕ ልደት ይብዓል። አብ ጊዜ ልደት ሓጎስን ሰላምን እናአብዓልና ሰማእትነት ክብዓል እንከሎ ብዙሕ ብሓደ ዝኸይድ አይመስልን። ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ግን ኢየሱስ አብ ዝተወልደሉ ቅትለት ሕፃናት ብሄሮዱስ ንዝክር። ብዝኾነ ሰማዕትነት እስጢፋኖስ ድሕሪ ልደት ኢየሱስ ምብዓሉ ከምቲ ኢየሱስ አብዚ ምድሪ ምምጽኡ ሓዲስ ሕይወት ክህበና ዝመጸ አብ ሰማይ እውን ንቅ. እስጢፋኖስ ሓዲስ ሕይወት ከም ዘውረሶ ንምግላጽ እዩ። ኢየሱስ አብ ምድሪ ተወሊዱ እስጢፋኖስ አብ ሰማይ ተወሊዱ።እምብአር ቀዳሜ ሰማዕት እስጢፋኖስ ብኹሉ ክንዝክሮ ክነብዕሎ እንከሎና ምስ እዋኑ ዝኸይድ አብ አምላኽ ክንቀርብ ዝሕግዘና ብዓል እዩ።

ብዛዕባ እስጢፋኖስ እንፈልጦ አብ ክልተ ምዕራፋት ግብረ ሓዋርያት ካብ ዘሎ እዩ (6ን 7ን)፥ አበይ ከም ዝተወልደን ምአስ ከም ዝተወልደን አይፍለጥን እዩ። ንሱ ካብቶም ግሪኽ ዝዛረቡ አይሁድ እዩ፥ ስሙ ካብ ቋንቋ ግሪኽ እዩ፥ ትርጉሙ ኸአ ዘውዲ ማለት እዩ። ምናልባት ንሱ ካብ ፓለስታይን ወጻኢ ዝተወልደ ወይ እውን ካብቲ ዶባት ፓለስታይን ወጻኢ ዝተወልደ ክኸውን ይክእል።አበይን ወይ ምአስ አብ ክልርስትና ከም ዝአተወ እንፈልጦ የብልናን።

ግ.ሓ. ከም ዝብለና ቀዳሞት ክርስትያን ዘልኦም ንብረት ኩሉ ብሓባር እዮም ዝጥቀሙሉ ነሮም፥ እንተ ኾነ እቶም ግሪኽ ዝዛረቡ አባላት ማኅበር ብፍላይ እተን መበላሉ አብቲ ዕለታዊ ምዕዳል ምግቢ ሽለል ስለ ዝተባህላ አብ ልዕሊ እቶም ዕብራውያን አጕረምረሙ። ሓዋርያት ብስብከት ወንጌል ትሑዛት ስለ ዝነበሩ ክልቲኡ ኽገብሩ ስለ ዘይክአሉ ካብ ማኅበር ብጽቡቕ ዝተመስከረሎም መንፈስን ጥበብን ዝመልኦም ሾብዓተ ሰብአይ ክሓርዩ፥ ንሶም ግን አብ ጸሎትን አብ ምምሃር ክጽመዱ ምዃኖም ነገርዎም ድሕርዚ ማኅበር ንእስጢፋኖስ እቲ እምነትን መንፈስ ቅዱስን ዝመልአ ሰብአይን ምስ ሽድሽተ ብጾቱ መረጽዎም። አብ ሓዋርያት ምስ አቕረብዎም ንሳቶም ጸለዩሎም አእዳዎም ከአ አንበሩሎም። ብሓዋርያት ተልእክኦም ተዋሂብዎም ንሱ ኸአ ነቲ ዝውሃብ ምጽዋት ብግቡእ ምዕዳል እዩ ድያቆናት ይብሃሉ። ድያቆን ዝብል ቃል ዘገልግል ማለት እዩ። ከምኡ አብ ስብከተ ወንጌል እውን ይሕግዙ ነሮም።

ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ መሰረት ገሩ አብ 1 ጢሞቴዎስ 3፡8-14 ብዛዕባ ዲያቆናት ኀፉራት ዘይሕስዉ፥ መስተ ዘየብዝኍ፥ ህርፋን ገንዘብ ዘይብሎም፥ ነቲ ምሥጢር እምነት አብ ንጹሕ ሕልና ኺኀዙ ዚኽእሉ ይኹኑ፥ ንሶም ቅድም ይመርመሩ መንቅብ ዘይብሎም ኮይኖም እንተ ተረኺቡ ኸአ ብዲቁና የገልግሉ. . . ዲያቆናት ሰብ ሓንቲ ሰበይቲ ደቆምን ስድራኦምን ብጽቡቕ ዜመኃድሩ ይኹኑ፥ አጸቢቖም ምስ አገልገሉ

ኸአ ዓቢይ መዓርግ ይረኽቡ ብዛዕባ እምነት ክርስቶስ ኢየሱስ ድማ ብትብዓት ኪዛረቡ ይኽእሉ እዮም እናበለ መሰረታዊ ትምህርቲ ብዛዓብ ተልእኮን ሓላፍነትን ድያቆናት ይነግረና።

እስጢፋኖስ ካብ መጀመርያ ጸጋን ኃይልን መሊእዎ አብ ማእከል ህዝቢ ዓበይቲ ትእምርትን ተአምራትን ይገብር ከም ዝነበረ ንርኢ። ገለ ካብቶም ናይታ ዉፁአት ሓራ እትብሃል ቤተ ጸሎት (Synagogue of Roman Freedmen) ዝተባህሉ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጽኡ ምስ እስጢፋኖስ ይካትዑ ነሮም ግን ነቲ ዚዛረበሉ ዝነበረ ጥበብን መንፈስን ግና ኪማጎትዎ አይተኻእሎምን። ሽዑ እዚ ሰብ እዚ አብ ልዕሊ እቲ ቕዱስ ስፍራን አብ ልዕሊ ሕጊ ሙሴን አብ ልዕሊ አምላኽን ቃል ጸርፊ ኺዛረብ ከሎ ሰሚዕናዮ ዚብሉ ሰባት ሓበሉ።

እስጢፋኖስ ተኸሲሱ አብ መጋባእያ አቕረብዎ፥ እዚ መጋባእያ ንኢየሱስ አብ ጊዜ ሕማማቱ ተጋቢኡ ዝኾነነ እዩ። ናይ ሓሶት መሰኻክር እስጢፋኖስ አንጻር ቅዱስ ቦታን (ቤተ መቕደስ)፥ ሕጊ ሙሴ ካብ ምዝራብ አየቋረጸን እናበሉ መስከሩ። ኢየሱስ ናዝራዊ ነዚ ቤተ መቕደስ እዚ ኬፍርሶ እዩ ነቲ ሙሴ ዝሃበና ሕጊውን ኪልውጦ እዩ ኪብል ከሎ ሰማዕናዮ እናበሉ ብሓሶ መስከሩ። እዚ ነቲ ኢየሱስ ዝበሎ ከምቲ ንሶም ዝደልይዎ ጠውዮም ዝብልዎ ዘለዉ እዩ። ንሱ ዝበሎ ነዚ ቤተ መቕደስ እንተ አፍረስክምዎ አብ ሰለስተ መዓልት ክሃንጾ እየ እዩ ዝበለ እዚ ኸአ ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ሰውነቱ ዝበሎ እዩ። አብ ሓደ እዋን ገሊጹ ከምዝበሎ ካብ ሕጊ ሙሴ ዝቕይር ወላ ሓደ የለን ሰማይን ምድርን ካሳብ ዝሓልፍ ኵሉ ሕጊውን ክሳዕ ዝፍጸም ካብ ሕጊ የውጣ ወይ ሓንቲ ሕንጻጽ ከምዘይትኃልፍ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ (ማቴ 5፡17-48) እናበለ ካብ ሕጊ ወላ ሓንቲ ከምዘይትቕየር ገሊጽሎም። ዝቕየር እንተሎ ብተሪ ልቦም ብሰብ ዝተወሰኸ ሕጊ እዩ።

ግ.ሓ. ከምዝብለና እዚ ኹሉ ክስታት እናቐረቡሉ ከለዉ ገጹ ኸአ ከም ገጽ መልአኽ ኮይኑ ተራእዮም። እስጢፋኖስ ነቲ ብሊቀ ካህናት ዝቐረበሉ ሕቶ ክምልስ እንከሎ መልሱ አንዊሑ እዩ መሊስዎ። ንታሪኽ አይሁድ በብሓደ እዩ ገሊጹ፥ አብ ታሪኾም ንልኡኽ አምላኽ ብፍላይ ንሙሴ ክንደይ ከም ዝኽሓድዎን ዝነጸግዎን ገሊጽሎም። እስጢፋኖስ አፍልጦ ክቅዱስ መጽሓፍን ታሪኽ አይሁድን ጽቡቕ ገሩ እዩ ዝፈልጦ ነሩ፥ ከምኡ ጽቡቕ ሰባኻይ እዩ ነሩ።

ንእምነቱ ክከላኸል እንከሎ እግዚአብሔር አብ ቤተ መቕደስ አይምርኮስን እዩ፥ ሕጊ ሙሴ ግዝያዊ ብብሃህሪኡን ክሳብ ምጽአት ክርስቶስ ዝጽበ ዝነበረ ብክርስቶስ ምልአት ዝረኸበ እዩ። ንሱ ኸአ እቲ አይሁድ ዝጽበይዎ ዝነበሩ መሲሕ እዩ። እቲ ልዑል አብ ብኢድ ሰብ ዝተሰርሐ ህንጻታት አይነብርን እዩ። አብ ኢሳይያስ 66፡1 ነዚ ኽገልጽ እንከሎ ሰማይ ዝፋነይ እዩ፥ ምድሪ ኸአ መርገጽ እግረይ እያ፥ እቲ ንስኻትኩም እትሠርሑለይ ቤት ደአ ኸመይ ዝበለ እዩ፥ እቲ አነ ዝዓርፈሉ ስፍራኸ ኸመይ ዝበለ እዩ እናበለ እግዚአብሔ ማኅደሩ አብ ከመይ ዝበለ ከምዝኾነ ይገልጽ።

እስጢፋኖስ ሰማዕቱ ከምዘይሰምዕዎን ከምዘይቅበልዎን ምስ ረአየ አቱም ተረርቲ ኽሳድ ልብኹምን እእዝንኩምን ዘይተገዝረ ንስኻትኩምውን ከምቲ ናይ አቦታትኩም ንመንፈስ ቅዱስ ኵሉ ጊዜ ትጽርፍዎ አሎኹም. . . አብ ዘመናት ንአምላኽን ነቶም ንሱ ዝመረጾም መራሕትን ምስማዕ አበኹም፥ ካብ ነብያት አቦታትኩም ዘይሰገግዎ መን እዩ? ንሳቶም ነቶም ብዛዕባ ምምጻእ እቲ ጻድቕ አቐዲሞም ዘበሠሩ ወሃብቱን ቀተልቱን ኢኹም እናበለ አትሪሩ ብዘይ ሓደ ፍርሒ ገኒሕዎም። ነዚ ዝሰምዑ ልቦም ነደደ አስናኖም ከአ ሓርቀሙሉ። እስጢፋኖስ ግን መንፈስ ቅዱስ መልአ አሰር መምህሩ ብምኽታል ናብ ሰማይ አንቃዕሪሩ ኽብሪ አምላኽን ኢየሱስ ድማ አብ የማን አምላኽ ደው ኢሉን ረአየ፥ ሽዑ ሰማይ ተኸፊቱ ወዲ ሰብ ድማ አብ የማን አምላኹ ደው ኢሉ እርኢ አሎኹ በለ።ሰማዕቶም ንአምላኽነ ዝጸርፍ ዘሎ መሲልዎም ካብታ ኸተማ አውፂኦም ከአ ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ እቶም ምስክር ድማ ክዳውንቶም አብ

ጥቓ አእጋር ሳውል ዚብሃል ጎበዝ ቀናእ ፈሪሳዊ አንበሩ። እስጢፋኖስ ብዳርባ እምኒ ኺቐትልዎ ኸለዉ ኦ ጎይታይ ኢየሱስ ነፍሰይ ተቐበል እናበለ ተማህለለ ተምበርኪኹ ኸአ ብዓቢ ድምፂ ነቲ ጎይትኡ ዝበሎ እናአስተንተነ ጎይታይ እዚ ኃጢአት እዚ አይትኃዘሎም ኢሉ ጨደረ እዚ ምስ በለ ዓረፈ። ብ35 ዓ.ም. አቢሉ እዩ ዝከውን፥ ኢየሱስ ብ33 ዓ.ም. መይቱ እንተ ኾነ።

ካብ 4ይ ክፍለ ዘመን ጀሚሩ አብ ምስራቕን ምዕራብን ብዓል ዝኽሪ ቅ. እስጢፋኖስ ብኽብሪ ክብዓል ጀሚሩ። ሕይወትን ትምህርትን ቅ. እስጢፋኖስ ንኹልና አብነት እዩ። እስጢፋኖስ ብጎይታ ሰባኸን ድያቆንን አገልጋልን ክከውን ተሓርዩ። ከም ሕርየቱ ኸአ አብ ምክልኻል እምነቱ እሙንን ጽኑዕን ኮይኑ ተረኺቡ።

ኩልና ድያንቆናት ኮና ኽነገልግል አይተሓረናን ግን ኩልና ክነገልግል ጽዉዓት ኢና። አብ ኩሉ እንኽእሎን ዓቕማን ዝፈቕዶን ክነገልግል ክርስትያናዊ መጸዋዕታና እዩ፥ እዚ ኸአ ንዕብየት ክርስትናናን ቤተ ክርስትያናን ከምኡ ንብዙሓት አብ ክርስቶስ ከም ዝቐርቡ ምግባር ናይ ነፍሲ ወከፍና ተልእኮ እዩ። አብ ጥምቀትና ደቂ አምላኽ ኮና አብ አገልግሎት አምላኽን ፍቕሪ አሕዋትን ክንዕጠቕ ኪዳን አቲና ኢና። አብ ኩሉ መስከርቲ እምነትና ክንከውን ትሑዛት ኢና። ቅ. እስጢፋኖስ እዚ ርድኢት እዩ አብ እምነቱ ክሳብ ሞት ከም ዝቕበል ዝገበሮ።

ቅዱስ ፉልጀንጽዩስ ዝተባህለ ብዛዕባ ብዓል ቅዱስ እስጢፋኖስ ስብከት ከምዚ ኢሉ፥ ፍቕሪ እታ ንክርስቶስ ካብ መንግስተ ሰማይ አብ ምድሪ ዘምጽአቶ ንእስጢፋኖስ ካብ ምድሪ ንሰማይ ዘተንሢአቶ እያ. . ክርስቶስ ንፍቕሪ ንኹሎም ክርስትያን መሳልል ኮይና አብ ሰማይ ከም ዝድይቡን ዝዓርጉን እትገብር ዓባይ መንፈሳዊ ሓይሊ እያ ይብል።

ብዓል ቅዱስ እስጢፋኖስ እምብአር አብ ኩሉ መዳይ ምድራዊ ሕይወትና ንጎይታ ብምሉእ እምነትን ፍቕርን ክነገልግል ከም ዘሎና ይነግረና። አብዚ ምድሪ ብዘርአናዮ ምስክርነት አብ ሰማይ ዋሕስ ዕርቡን ድሕነትና ይኾነልና። ብርግጽ አብዚ ምድሪ እንከሎና ክንሓልፎ ዘሎና ፈተናን ተጻብኦን አሎና። ንሓቂ ንእምነትና ደው ክንብል አሎና። አብዚ ብሩክ ብዓል እምብአር ካብ ሕይወትን ትምህርትን ቅ. እስጢፋኖስ እንምሃሮ አሎና።

- ፍቕሪ አምላኽ ልዕሊ ኹሉ ሰሪዕካ ምኽአል። ሰብ ምሉእ ቅሳነት ዝረክብ ንአምላኽ ልዕሊ ኩሉ ነገሩ ገሩ ክርኢ እንተ ኸአለ እዩ። ቅድሚ አምላኽ ዝስራዕ ግላዊ ይኹን ማሕበራዊ ነገር የለን። እዚ ርድኢት እዩ ንብዙሓት አብ ሰማዕትነት ዘብጽሐ። ምንጪ ኩሉ ንዝኾነ አምላኽ ዝትክእ ምድራዊ ኃይሊ የለን።
- ንሓቂ ብግብሪ መስኪርካ ምኽአል። ቅ. እስጢፋኖስ ንሰማዕቱ ብትምህርቱን ሕይወቱን ንሓቂ ገሊጹ ነጊሩ። ግን ሓቂ ክሰምዑ ዘይደልዩ አብ ሞት አብጺሖሞ። ሓቂ ክሰምዑ ዘይደልዩ ሎሚ እውን ብዙሓት እዮም። ሓቂ እታ ንሶም ጥራሕ ዝብልዋ ንአአ ዘይገበረ ብዙሕ ግፍዒ አብ ርእሲኡ ይወርድ። ንሕና ከም ክርስትያን ንሓቂ ንእምነትና ደው ክንብል አሎና። አብዝን አብትን ምባል ንክርስትና ይቐትሎ እዩ።
- ጽዋእ ሰማዕትነት ክትቅበል ስንድው ምዃን። እስጢፋኖስ ዕጫ ጎይትኡ ከም ዝበጽሖ አይተጠራጠረን እዚ እምነት ስንቂ ኮይንዎ ንክስዋዕ ድሕር አይበለን እኳ ድአ ነቶም ቀተልቱ ካብ ገግኦም ክምለሱ እና ገንሐ ነጊሩ ግን ልቡ ዝዓጸወ ክተስምዖ ቀሊል አይኮነን በዚ ኸአ ንሞት ተፈሪዱ። እዚ አብነት ክኾነና ይግባእ።
- ብሕይወትካ እንከሎኻ ግርማ አምላኽ ርኢኻ ምኽአል። እስጢፋኖስ አብ እዋን ሰማዕትነቱ ንሰማይ ቋሕ አቢሉ ግርማ ጎይትኡ ስለ ዝርአየ ዝጽበዮ ክብሪ ርእዩ አብ ምሕረት ቀተልቱ እዩ

አትዩ። ንግርማ ኣምላኽ ዝርአየ ኣብ ምሕረት ሕድገት እዩ ዝአቱ። ምሓሩ ክትምሓሩ ኢሉና እዩ።

- ናይ እዋና ሰማዕታት ንሕና ኢና። ከምቲ እስጢፋኖስ ብድፍረት እምነቱ ዝመስከረ ንሕና እውን መስከርቲ እምነትና ኮና ክነብር ይግባእ። ዓለም ክጻብአና እዩ ወላ እውን ክቐትለና ይክእል እዩ ስለዚ ስንድዋት ክንከውን ይግባእ ሰጋእ ዘብል የብልናን።

ኣብዚ ብሩኽ እዋናት ልደትን ኣስተርእዮን እምብአር ከምቲ ክርስቶስ ምእንታና ሥጋ ለቢሱ ዝመጽአና ንአና ዝመሰለ ሎሚ ንሕና ክንመስሎ ቃሉ ክንሰምዕ ኣብኡ ዘሎና እምነት ኣብ ኩሉ ክንምስክር ይግባእ። ሓደ ካብቲ ፍሉይ ናይ እዚ ብዓል መልእኽቲ ኣገልግሊካ ምኽአል እዩ። እስጢፋኖስ ብኹሉ ንቤተ ክርስትያኑ ብፍላይ ከአ ነቶም ብነፍስን ብሥጋን ድኻታት ዝነበሩ እዩ ዘገልግል ነሩ። ንሕና ኣገልገልቲ ኣምላኽን ኣሕዋትን ምኺና ክንዝክር ኣሎና።

ሰብ ሎሚ ከቢድዎ ዘሎ ንአይ ጥራሕ ዝብል ሕማም ማሪኽዎ ግዙእ ርእሱ ኮይኑ ካብ ኣምላኽን ሰብን ተገሊሉ ኣብ ጽምዋ መንፈስ ወዲቑ ክቑዝም ይርከብ ኣሎ እምብአር ኣብ መንጭና ንመለስ። ሓወይ ሓፍተይ ኢልና ኣብ ኣምላኽ ዘቕርበና ተግባር ንሓዝ። ኦ ቅ. እስጢፋኖስ ዝለበስካዮ ትብዓት ለቢስና እሙናት ኣብ እመንትናን ኣብ ኣገልግሎት ቤተክርስትያናን ካስብ ጊዜ ሞትና ክንከውን ጸልየልና።

ብሩኽ ብዓል።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ